# ናብ ኖርወይ ምምጻእ

# Å komme til Noreg

Aamiina

Julie Cornelia van Walsum

Seyum

5

ትግርኛ ti / nynorsk nn

ኣነን ክልተ ኣሕዋተይን ኣብ ታሕሳስ 2016 ናብ ኖርወይ መጺእና። ኣብ ኖርወይ ከምቲ ናይ ሶማልያ ሃሩር ኣየር እዩ ዝኸውን ኢልና ስለ ዝሓሰብና ናይ ሓጋይ ክዳን ተኸዲንና ነይርና። ይኹን እምበር ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ምስ በጻሕና በረድ ይዘንብ ነበረ። ቆሪርና እዩ ኔሩ ኩነታት ኣየር ውን ቁሪ እዩ ነይሩ። ዋላ እኳ ሒደት ሻንጣታት ሒዝና እንተመጻእና ናይ ሓጋይ ክዳውንቲ ጥራይ ኢና ሒዝና መጺእና።

• • •

Dei to brørne mine og eg kom til Noreg i desember 2016. Vi hadde på oss sommarklede fordi vi trudde det ville vere like varmt i Noreg som i Somalia. Men då vi kom til flyplassen, snødde det. Vi fraus og vêret var kaldt. Sjølv om vi hadde med oss nokre koffertar, inneheldt dei berre sommarklede.

ዋላ እኳ ቁሪ እንተነበረ ናብ ኖርወይ ምምጻእና ኣዝየ ተሓጒሰ። ኣብ መወዳእታ ምስታ ንሸዱሽተ ዓመት ዘይረኣኹዋ ኣደይ ዳግማይ ተራኸብኩ። ኣደይ ምስ ክልተ መሓዙታ ኮይና ረኺባትና። ምስ ረኣናያ ብሓጎስ በኸና። ብመኪና ናብታ ኣደይ እትነብረላ ንእሽቶ ከተማ ኬድና።

• • •

Sjølv om det var kaldt, var eg veldig glad då vi kom til Noreg. Eg kunne endeleg møte mamma att, som eg ikkje hadde sett på seks år. Mamma og to av venninnene hennar møtte oss. Då vi møtte mamma att, gret vi av glede. Mamma bur i ein liten by, så vi køyrde dit.

ኣብታ ኣደይ ትነብረላ ከተማ ኣብ መጀመርታ መዓልታት ኣዝዩ ንምልማዱ ዝኸብድ ነበረ። ቁሪን በረድን ስለ ዝነበረ ብዙሕ ዝርአ ነገር ኣይነበረን። እቲ ጎደናታት ምሉእ ብምሉእ ባዶ እዩ ነይሩ። እቶም ዝረኸብክዎም ውሑዳት ሰባት ዝሑላትን ናይ ምሕዝነት ባህሪ ዘይብሎምን ይመስሉ ነበሩ። ኣብ ሶማልያ ኣብ ኩሉ ቦታ ሰባት ስለ ዝነበሩ ኣብዚ ኩሉ ነገር ሓድሽ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣደይን መሓዙታን ገለ ህያባት ሂቦምና፤ ብድሕሪኡ ድማ ናይ ክረምቲ ክዳውንቲ ክንገዝእ ወሰደትና።

• • •

Dei første dagane i byen til mamma var veldig merkelege. Det var kaldt, det snødde og det var lite å sjå. Gatene var heilt folketomme. Dei få personane eg møtte, verka kalde og uvennlege. I Somalia er det folk overalt, så alt kjendest uvant her. Mammaa mi og venninnene hennar gav oss gåver, og ho tok oss med for å kjøpe vinterklede.

ድሕሪ ናይ ልደት በዓል ኣብ ናይ ዓበይቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ኖርወይ ትምህርቲ ምውሳድ ጀመርኩ። ኣብ ልሙድ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማረይ ንኽልተ ዓመት ኣብኡ ተማሂረ። ሕጂ ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመት እየ ዘለኹ። ብዙሓት ሓደስቲ ኣዕሩኽ ድማ ረኺበ ኣለኹ። ኣዝየ ማሕበራዊ ሰብ እየ። ምስ ካልኦት ሰባት ምፍላጥ ድማ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ።

• • •

Etter juleferien byrja eg på norskkurs på vaksenopplæringssenteret. Eg gjekk der i to år før eg byrja på ein vanleg skule. No går eg siste året, og eg har fått mange nye venner. Eg er veldig sosial og eg er glad i å møte andre.

ድሕሪ ትምህርቲ ናብ ብዓርሰ ድሌት ዝካየድ ሓደ ማእከል እኸይድ እሞ ኣብኡ ድማ ዕዮ ገዛይ ኣብ ምስራሕ ሓገዝ ይረክብ። ኣብቲ ማእከል ናይ ስፌት ትምህርቲ እውን ይመሃር ኣለኹ።

• • •

Etter skulen drar eg til Frivilligsentralen for å få hjelp med leksene. Eg har òg byrja på eit sykurs der.

ኣብ ሶማልያ ብዘይካ ቤት ትምህርቲ ቁርኣን ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ከይደ ወይ ዝኾነ ትምህርቲ ወሲደ ኣይፈልጥን። ምንባብን ምጽሓፍን ኣይፈልጥን ነይረ። ሕጂ ብቋንቋ ሶማልን ኖርወይን ከምኡ'ውን ካልእ ብዙሕ ትምህርቲ ከመይ ጌርካ ከም እትጽሕፍ ተማሂረ ኣለኹ። ብዘይ ትምህርቲ ሰብ ዘይኮንኩ ኮይኑ ተሰሚዑኒ ነይሩ። ሕጂ ግን ፈላጥን ሕጉስን ኮይኑ ይስምዓኒ።

• • •

I Somalia fekk eg aldri moglegheit til å gå på skule eller ta eit kurs, bortsett frå koranskule. Eg kunne ikkje lese eller skrive. No har eg lært å skrive på både somali og norsk, og mange andre fag. Utan utdanning følte eg at eg ikkje var nokon. No føler eg meg kunnskapsrik og glad.

ኣብ ዝመጽእ ዓመት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ክፍሊ ጥዕናን ልምዓት መንእሰያትን ክጅምር እየ። ኣብ መጻኢ ምስ መንእሰያት ክሰርሕ ይደሊ። ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ሕልመይ ቀዋሚ ስራሕ ምርካብ እዩ። ከምኡ 'ውን መኪና ምዝዋር ክመሃርን ፍቓድ መዘወሪ መኪና ክረክብን እደሊ።

• • •

Neste år skal eg byrje på helse- og oppvekstfag på vidaregåande skule. I framtida vil eg bli barne- og ungdomsarbeidar. Når eg er ferdig med utdanninga mi, drøymer eg om å få meg ein fast jobb. Eg vil òg lære å køyre bil og ta førarkort.

ኣብ ሶማልያ እንተዝጸንሕ ነይረ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣደ ምኾንኩ ነይረ ይመስለኒ። ምናልባት ብዙሓት ቆልዑ ምወለድኩ ነይረ። ኣብ ሶማልያ እንተዝኸውን ከምዚ ሕጂ ዝረኸብክዎ ዕድላት ኣይምረኸብኩን። ኣብ ኖርወይ ምንባረይ ዕድለኛ እየ።

• • •

Viss eg framleis hadde budd i Somalia, hadde eg kanskje vore mor no. Kanskje eg hadde fått mange barn allereie. Viss eg hadde vore i Somalia, ville eg ikkje hatt dei same moglegheitene som eg har fått no. Eg føler meg heldig som bur i Noreg.

# LIDA Stories

lidastories.net

## ናብ ኖርወይ ምምጻእ

## Å komme til Noreg

Aamiina
Julie Cornelia van Walsum
Seyum (ti), Espen Stranger-Johannessen (nn)

CC BY